# ብዛዕባ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ነድሪ ሳንቡእን መዓናጡን (ሮታቫይረሳት) ናይ ዕሸላትን ናኣሽቱ ቈልዑን

ሮታቫይረሳት ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሖም ዘለዉ ኰይኖም፡ እቶም ቀንዲ ጠንቂ ተቕማጥ (ነድሪ ሳንቡእን መዓናጡን) ኣብ ግዜ ዕሸልነት ቈልዕነትን እዮም። እቶም ቫይረሳት ኣብ ናእሽቱ መዓናጡ ናይቲ ሕማም ዝፋረዩ ኰይኖም፡ ብብዝሒ ድማ ብቕልቀል ንደገ ይወጽኡ። ሮታቫይተሳት ብዘይመጠን ተላባዕቲ እዮም። እዚኣቶም ብቐንዱ ብኣካላዊ ምትንኻፍን ብምጽያቕን ዝመሓላለፉ ክኾኑ ከለዉ፡ ከምኡ'ውን ሳሕቲ ግዜ ብመግብን ማይን ይመሓላለፉ። እዚ ቫይረስ እዚ፡ ረኺሲ ንኸስዕብ፡ ውሑዳት ታህዋሲያን ጥራይ እዮም ዘድልዩዎ።

እዞም ቫይረሳት እዚኣቶም፡ ኣብ'ቲ ዝርከብሉ ኣከባቢ ኣዝዮም ብቐዋምነት ዝቕመጡ ስለዝኾኑ፡ ረኽሲ ሮታቫይረስ ኣብ ናእሽቱ ቈልዑ ብናይ ጽሬት ሜላ ጥራይ ክትከላኸሎ ፍጹም ዘይከኣል እዩ። ምኽንያቱ፡ እቶም ዝበዝሑ ሚእታዊት ካብ ቈልዑ፡ ኣብ'ተን ቀዳሞ ዓመታት ናይ ዕድሜኦም፡ ናብ'ቲ ብሰንኪ ሮታቫይረስ ዝመጽእ ሓደገኛ ሕማም ተቕማጥ ብተደጋጋሚ ዝተቓልዑ እዮም።

ብፍላይ ኣዝዮም ናእሽቱ ቈልዑ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ምልክታት ናይቲ ሕማም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ካብቶም ቀንዲ ምልክታት፡ ብብዝሒ ማይ ዘለዎ ተቕማጥ (ዝበዝሕ እዋን ኣብ መዓልቲ ክሳብ 20 ግዜ ይርአ)፡ ተምላስን መብዛሕቲኡ ግዜ ምስ ቃንዛ ከብዲ ዝመሳሰል ረስኒ እዮም። እቶም ምልክታት፡ ዝበዝሕ ግዜ ካብ 2 ክሳብ 6 መዓልታት ይቕጽሉ። ብሰንኪ ሓደገኛ ዝኾነ ተቕማጥ፡ ብተደጋጋሚ ድርቀት የጋጥም። እዚ ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ ናእሽቱ ሕሙማት ክሳብ ሞት ከስዕብ ይኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ሆስፒታል ኰይንካ ሕክምና ዝሓትት እዩ። ኣብ ጀርመን፡ ሳሕቲ ግዜ ጥራይ'ዩ ሓደገኛ ሳዕቤን ዘኸትል። ኣብ ገለ ቦታታት ኤሮጳዊ ሕብረት ግን፡ ዳርጋ መዓልታዊ'ዩ ብሰንኪ ሮታቫይረስ ዘስዓቦ ነድሪ ሳንቡእን መዓናጡን ሓደ ቈልዓ ዝመውት ዘሎ።

## ክታበት

ክታበታት ሮታቫይረስ፡ ንሂወት ናይቶም ቫይረሳት ዘዳኽም ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም። ዝተፈላለዩ ክታበታት ዘለዉ ኰይኖም፡ ኣንጻር ረኽሲታት ሮታቫይረስ ተፈቲኖም ድማ፡ ልዑል ውጽኢት ተረኺቡዎም ኣሎ። ኣብቲ ክታበት ምርኩስ ብምግባር፡ እቲ ክታበት ብኣፍ ናይቲ ዝኽተብ ዘሎ ቈልዓ'ዩ ዝውሰደ። እዚ ማለት ኣብ ኣፍ'ቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ተርእዮ ብውሑዱ ናይ 4 ሰሙን ፍልልይ 2 ወይ 3 ግዜ ዝተኸትበ ቈልዓ ማለት እዩ። ሓኪምኩም ብዛዕባ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ናይ'ቲ ክታበትን ጀሚሩ ዝውድኣሉ ገደብ ግዜን ክሕብረኩም እዩ። መሰረታዊ ክታበት ተዋሂቡ ምስ ተፈጸመ፡ ብድሕሪኡ ተወሰኽቲ ክታበታት ምውሳድ ፍጹም ተመካሪ ኣይኰነን።

## ክታበት ዘድልዮ ሰብ መን እዩ? መዓስ እዩ ኸ ክኽተብ ኣለዎ?

ቆይማ ዘላ ኮሚቴ ክታበት (ኤስ.ቲ.ከይ.ኦ. -STIKO)፡ ኲሎም ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ዕሸላት ካብ ሓምለ 2013 ጀሚሮም ኣንጻር ሕማም ሮታቫይረሳት ክኽተቡ መዘኻኸሪ ኣቕሪባ ኣላ። እቲ ብኣፍ ዝወስድ ክታበት ሮታቫይረስ፡ ካብ ደቂ 6 ሰሙን ዕሸላት ክኽተብዎ ዝጽውዕ ኰይኑ፡ ብድሕሪ'ዚ ግን እንተደንጎየ ካብ ደቂ 12 ሰሙን ክኽተብዎ ክጅምሩ ኣለዎ። እቲ ብተኸታታልሊ ዝወሃብ ክታበት፡ እቶም ዕሸላት ደቂ ካብ 24 ክሳብ 32 ሰሙን ዕድመ ምስ ኣኸሉ (ብመሰረት'ቲ ክታበት) ግድን ክፍጸም ኣለዎ።

ክታበት ሮታቫይረስ ዝወስዱ ቈልዑ፡ ማዕረ ማዕረኡ እውን፡ ክታበታት ኣንጻር ሕማም ጎሮሮ (ዲፍተርያ)፡ ትኽትኽታ፡ ተታኑስ፡ ፖልዮ፡ ወይቦ ደረጃ ለ (B) ከምኡ ረኽሲ ሂብ (ናይ 5 ወይ 6 ጥሙር ክታበታት) ክውሃቦም ዝከኣል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስቲ ንዕሸላት ዝወሃብ ጥሙር ክታበት ኒሞኮካል ባክተርያ ተሓዊሱ እውን ክውሃብ ይኽእል እዩ።

## ክኽተብ ዘየድልዮ ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?

መድሃኒት ብዘድልዮን ብረስኒ ብዝተሰነየን ሃንደበታዊ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት ክኽተቡ ኣይግባእን። ከም መምርሒ፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝወሓዶም ቈልዑ (ተወርሶኣዊ፡ ዝተጠርየ፡ ብሕክምና ዝመጸ) እውን ክኽተቡ ኣየብሎምን። ካብ ቀደሞም ምዕጻው መዓናጡ ዘለዎም ዕሸላትን ብተወርሶ ጸገማት መስርሕ ምሕቓቕ መግቢ ዘለዎም ቈልዑን ከኣ ክኽተቡ ኣይግባእን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብሕማም ተቕማጥን ወይ ተምላስን ዝሳቐዩ ዘለዉ ዕሸላት'ውን፡ ክታበቶም ናብ ካልእ ግዜ ክሰጋገር ኣለዎ።

## ድሕሪ ክታበት ዝርአ ኣካላው መልሰ ግብሪ

ዝተኸትበ ሰብ ፍሉይ ክንክን ክግበረሉ ኣየድልዮን እዩ። እቲ ክታበት፡ ምስ መግቢ ምብላዕ፡ መስተ ምስታይ ወይ ጡብ ምጥባው ምትእስሳር ከይተገብረሉ ክፍጸም ዝከኣል እዩ።
ኣብ ሓደ ፍሉይ ኣጋጣሚታት፡ እቲ ናይ ክታበት ቫይረስ ናብ'ቲ ዘይውሑስ ኲይኑ ዘሎ ሰብ ክመሓላለፍ ይከኣል እዩ። ሰብ ሞያ ጥዕና ብሰንኪ'ዚ ዝሓሙ'ኳ እንተዘይኰኑ፡ ከም መጠንቀቕታ ግን፡ ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘለዎም (ንኣብነት፡ ሕሙማት መንሽሮ፡ ሓይሊ ዘዳኽም ከኒና ዝወስዱ ሕሙማት)፡ ምስ ሓደ ነፈለማ ግዜኡ ተኸቲቡ 14 መዓልታት ኣቕኒዒሩ ዘሎ ዕሽል ርክብ ከወግዱ ኣለዎም።
ኣብ ቀረባ ግዜ ንዝተኸትቡ ዕሸላት ዝከናኸኑ ሰባት፡ ሽጐማኖ ይኹን ናይ ጽሬት ነገር ክቕይሩሎም ከለዉ ሓያል ናይ ጽሬት ጥንቃቐ ክገብሩ ኣለዎም። ምስ ሓደ ዝተኸትበ ቈልዓ ዝተሓሓቅዝ ስግኣት የለን። ዋላ'ውን ነታ ኣብቲ ከባቢ እትቕመት ነፍሰ-ጾር ከይተረፈ ዝኾነ ስግኣት የለን።

## ድሕሪ ክታበት ክኽሰቱ ዝኽእሉ ምስ ሓፈሻዊ መስርሓት ዝተሓሓዙ መልሰ-ግብሪታት

ድሕሪ ክታበት፡ ከም ምልክታት ረስኒ፡ ተቕማጥ፡ ተምላስ፡ ምዕጻው ሽውሃትን ካልኦት ምስ ከስዐን መዓንጣን ዝተሓሓዝ ሕማማት ብቐጻሊ ይርኣዩ። እዚ (ካብቶም ዝተኸትቡ ክሳብ 10% ወይ ልዕሊኡ ከምዚ የጋጥሞም ኲይኑ) መግለጺ ናይ'ቲ ኣካላት ሰብ ኣብ ልዕሊ እዚ ክታበት እዚ ዘርእዮ ንቡር መልሰ-ግብሪ እዩ። ሃንደበታዊ ምልክታት ሕማም ስርዓተ-ምስትንፋስ፡ ሓሓሊፉ ( ብተኸታታሊ ካብ 0.1 ክሳብ 1% ከምኡ ድማ ካብ 1 ክሳብ 10% ) የጋጥም። ነድሪ ማእከላይ ክፋል እዝኒ ግና ኣብ ፉሉይ ኣጋጣሚታት ጥራይ'ዩ ዘጋጥም። ሓራቕነት ወይ ነድሪ፡ ኣዝዩ ንቡር ተርእዮ እዩ። ከም ብኽያት፡ ድቃስ ምስኣን፡ ድኻምን ምፍዛዝን ድማ ሳሕቲ ዝርኣዩ እዮም። ብዘካይ'ዚ፡ ድሕሪ ክታበት ሮታቫይረስ ዕንፍሩር ቆርበት ወይ ፍሮማይ ሳሕቲ የጋጥም እዩ።
ከም ልምዲ፡ እዞም ብሰንኪ ክታበት ሮታቫይረስ ኣብ ኣካላት ዝኽሰቱ ተርእዮታት እዚኣቶም ንግዜኡ ዝጸንሑን ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ ሳዕቤን ድማ ቀልጢፎም ዝጠፍኡ እዮም። ምስቲ ቀዳማይ ክታበት ክነጻጸር እንከሎ፡ ድሕሪ 2ይ ክታበት፡ ፍጹም ኣይርኣዩን እዮም። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ሓደገኛ ምዕባለታት ከምዝተኸስቱ ተሓቢሩ'ዩ። ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ግን፡ እዞም ልዕል ኢሎም ተገሊጾም ዘለዉ ምልክታት፡ ኣብቶም ዝተኸትቡ ቈልዑን ኣብቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዘላ ጉጅለ ዝርከቡ ግን ከኣ ዘይተኸትቡ ቈልዑን ምስ ተነጻጸረ ዳርጋ ፍልልይ ዘይብሉ ኲይኑ'ዩ ተረኺቡ።

## ድሕሪ ክታበት ጥዕናዊ ጸገማት ከጋጥሙ ይኽእሉ ዶ?

ድሕሪ ክታበት ምክያዱ፡ ምስ ክታበት ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ወይ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ክበሃል እንከሎ ሳሕቲ ዘጋጥሙ ተርእዮታት ኲይኖም፡ ካብ'ቶም ንቡራት ግብረ-መልስታት ክታበት ወጻኢ`ዮም። ኣብ ልዕሊ ጥዕና ናይ'ቲ ዝኽተብ ሰብ ድማ ቀሊል ዘይኰነ ጥዕናዊ ሃስያ ዝፈጥሩ`ዮም። ኣብ ውሽጢ 31 መዓልታት ዝለዓለ ምዕጻው መዓናጡ የስዕብ። ቀንዲ ድማ፡ እታ ቀዳመይቲ ክታበት ሮታቫይረስ ምስ ተዋህበት፡ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ምዕጻው መዓናጡ ምርኣይ ዘይተርፍ እዩ። (ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈልየ ኣጋጣሚታት ድሕሪ 2ይ ክታበት ሮታቫይረስ ምዕጻው መዓናጡ ይርአ እዩ)። ሓደገኛ ቃንዛ ከብዲ፡ ዘየቋርጽ ተምላስ፡ ደም ዝተሓወሶ ቀልቀል፡ ሕበጥ ከስዐን ወይ ልዑል ረስኒን፡ ምዕጻው መዓናጡ ከምዘጋጠመ ዝሕብሩ ምልክታት እዮም። እዞም ምልክታት እዚኣቶም ቅድሚ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ግዜ እንተደኣ ተራእዮም፡ ቀልጢፍካ ንሓኪም ምሕባር። ኣብ ገለ ጉዳት፡ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ ናይ ቁጥዐ (ንኣብነ ኣብ ቆርበት (ሳሓ ቆርበት) ወይ ምኹምታር ጭዋዳታት ጉርጉማ ከምዘጋጥሙ ተሓቢሩ እዩ። ክሳብ ሕጂ ግን፡ ምስ'ዚ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ ክታበት ሮታቫይረስ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ወይ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ከምዘጋጥም ኣይተሓበረን ዘሎ።

**ንጐድናዊ ሳዕቤናት ዝምልከት ምኽሪ – ካብ ናይ ክታበትሓኪም**

ኣብ ርእሲ'ዚ ብመገዲ እዚ ወረቐት'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ሓኪምካ'ውን ውልቃዊ ምኽሪ ክህበካ እዩ። ድሕሪ ክታበት፡ ኣካላትካ ኪንዮ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ንነዊሕ እዋን ዘይጸንሑ ሓፈሻውያን ምልክታት ዝኸደ መልሰ-ግብሪ ምስዝህብ፡ ናይ ክታበት ሓኪም ከማኽረካ እዩ።

ነዚ ናይ ክታበት ሓኪም በዚ ኣድራሻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፦

**ናይ መጠንቀቕታ ቃል**
እቲ መበቆላዊ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት (ቅዳሕ፡ 03/2016)፡ ብፍቓድ ትካል ጀርማን ግሪን ክሮስ - ብትእዛዝ ኢንስቲትዩት ሮበርት ኮች እተተርጐመ እዩ። እቲ ቀያዲ ክኸውን ዝኽእል ጽሑፍ እቲ ብቛንቋ ጀርመን ዝተዳለወ ትሕዝቶ እዩ። ምስ'ቲ እተተርጐመ ክፋሉ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ናይ ትርጉም ጌጋ ወይ ጸገም እዋናውነት ናይ’ዚ ሰነድ (ኣብ’ቲ ናይ ቛንቋ ጀርመን ሰነድ ለውጢ ምስዝፍጸም)፡ ተሓታትነት ከስዕብ ኣይክእልን።

**ስም**____________________________________________________________
*Name*

## ውሑስ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ሮታቫይረስ

*Schutzimpfung gegen Rotavirus-Erkrankungen*

ነዛ ብዛዕባ ኣገባብ ኣወሃህባ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ሮታቫይረስ እትሕብር ስትርቲ ወረቐት ተቐበል። እዛ ወረቐት እዚኣ ሒዛቶ እትርከብ ቀንዲ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ብክታበት ክንከላኸሎ እንኽእል ዓይነት ሕማም፡ ብዛዕባ እቲ ክታበት ባዕሉ፡ ብዛዕባ መስርሕ ክታበት፡ ድሕሪ ክታበት ዝርአ ኣካላዊ መልሰ-ግብሪ፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ክታበት ተኣሳሲሮም ድሕሪ ክታበት ኣብ ኣካላት ብዛዕባ ዝረኣዩ ሓፈሻውያን ምልክታትን ድሕሪ ክታበት ክስዕቡ ብዛዕባ ዝኽእሉ ሕልኽላኻት ጥዕናን መብርሂ ዝህብ እዩ።
*Anliegend erhalten Sie ein Merkblatt über die Durchführung der Schutzimpfung gegen Rotavirus-Erkrankungen. Darin sind die wesentlichen Angaben über die durch die Impfung vermeidbare Krankheit, den Impfstoff, die Impfung, das Verhalten nach der Impfung sowie über Impfreaktionen und mögliche Impfkomplikationen enthalten.*

ክታበት ቅድሚ ምውሃቡ፡ እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ሓበሬታ ኪወሃበና ንሓትት፦
*Vor der Durchführung der Impfung wird zusätzlich um folgende Angaben gebeten:*

1. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ንናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዘዳኽሙ ሕማማት (ብተረኽቦ ዘጥረዮም፡ ብውርሻ ዝተመሓላለፍዎ፡ ብሕክምና ዝመጽዎ) ኣለውዎ ዲዮም?
*Besteht bei dem Impfling eine Immunmangelkrankheit (erworben, angeboren, durch Medikamente bedingt)?*

☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

2. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ዝሓለፈ 6 ሰሙን፡ ሓይሊ ዝህብ ፕሮቲናት ወሲዱ ነይሩ ዶ ወይ ደም ተዋሂቡዎ?
Hat der Impfling in den vergangenen 6 Wochen Immunglobulin (Gammaglobulin) erhalten oder wurde eine Bluttransfusion vorgenommen?

☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

3. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ምዕጻው መዓናጡ ኣጋጢሙዎ ነይሩዎ ዶ?
*Hatte der Impfling in der Vergangenheit einen Darmverschluss?*

☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

4.ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕማም ተቕማጥን ወይ ተምላስን ይሳቐ ኣሎ ዲዩ?
*Leidet der Impfling zurzeit unter Durchfall und/oder Erbrechen?*

☐ እወ *(Ja)* ☐ ኣይፋል *(Nein)*

ብዛዕባ ክታበት ሕማም ሮታቫይረስ ዝያዳ ሓበሬታ ክህልወካ ምስ እትደሊ፡ ብኽብረትካ ክኢላ ክታበት ንዝኾነ ሓኪም ተወከስ።
*Falls Sie noch mehr über die Schutzimpfung gegen Rotavirus-Erkrankungen wissen wollen, fragen Sie den Impfarzt!*

ብኽብረትካ፡ ኣብ ናይ ክታበት ቈጸራኻ ኣብ እትርከበሉ እዋን ሰነድ/ካርድ ክታበትካ ምምላእ ኣይትረስዕ።
*Zum Impftermin bringen Sie bitte das Impfbuch mit!*

**ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ**
*Einverständniserklärung*

**መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ሕማም ነድሪ ሳንቡእን መዓናጡን (ሮታቫይረሳት) ንዝወስዱ ዕሸላትን ናኣሽቱ ቈልዑን**
*zur Durchführung der Schutzimpfung gegen infektiöse Durchfallerkrankung der Säuglinge und Kleinkinder (Rotaviren)*

ስም ናይ ዝኽተብ ሰብ____________________________________________
*Name des Impflings*

ዲ.ኦ.ቢ ____________________________________________
*geb. am*

ነዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብግቡእ ኣንቢበዮ እየ፣ ነዚ ክታበት ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ'ውን ኣብ እዋን ምምይያጥ ብሓኪመይ ተዋሂቡኒ ኣሎ።
*Ich habe den Inhalt des Merkblatts zur Kenntnis genommen und bin von meinem Arzt/meiner Ärztin im Gespräch ausführlich über die Impfung aufgeklärt worden.*

- ☐ ተወሳኺ ሕቶ የብለይን።
  *Ich habe keine weiteren Fragen.*
- ☐ ክታበት ኣንጻር ሕማም ሮታቫይረስ ኪወሃበኒ ፍቓደኛ ምዃነይ ኣረጋግጽ ኣለኹ።
  *Ich willige in die vorgeschlagene Impfung gegen Rotavirus-Erkrankungen ein.*
- ☐ ክታበት ናይ ምውሳድ መደበይ ሰሪዘዮ ኣለኹ። እዚ ብምግባረይ ክጋጥመኒ ብዛዕባ ዝኽእል ወጽዓ ድማ ተሓቢረ እየ።
  *Ich lehne die Impfung ab. Über mögliche Nachteile der Ablehnung dieser Impfung wurde ich informiert.*

ርእይቶ፡-____________________________________________
*Vermerke*

ቦታን ዕለትን፡-____________________________________________
*Ort, Datum*

| | |
|---|---|
| ____________________ | ____________________ |
| ናይ ዝኽተብ ሰብ ወይ<br>ናይ ሕጋዊ ኣላዪ ክታም | ናይ ዶክተር ክታም |
| *Unterschrift des Impflings bzw. des Sorgeberechtigten* | *Unterschrift des Arztes/der Ärztin* |